# ልድያ - ኸፋቲት ደገ ወንጌል

ኣብቲ ጽምብል ናይ መበል 25 ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን ካብቶም ኣርባዕተ ኣሰሮም ክንክተል ኣርኣያ ዝኾኑና ክርስትያናት፡ ካብ እተዋህቡ ትምህርትታት ሓደ ብዛዕባ ልድያ ብዓልቲ ትያቲራ እዩ ነይሩ። ኣብ መጽሔት “ብስራት” ንምቕራብ ብዝሰ ማማዕ ኣገባብ ተጠርኒፉ ድማ እንሆ ቐሪቡ።

> “ልድያ እትብሃል ንኣምላኽ እት ፈርህ ሰበይቲ፡ በዓልቲ ኸተማ ትያቲራ፡ ሸያጢት ቀይሕ ሃሪ፡ ጽን ትብለና ነበረት። ናብቲ ጳውሎስ ዝብሎ ዝነበረ ኸተድህብ ከኣ እግዚኣብሄር ልባ ከፈተላ። ንሳ ምስ ስድራ ቤታ ምስ ተጠምቀት ከኣ ‘ከም ኣማኒት ጐይታ ርኢኹምኒ እንተ ኾንኩምሲ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ’ ኢላ ለመነትና ግዲውን በለትና። … ሽው ኻብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኦም ናብ ቤት ልድያ ኣተዉ። ነቶም ኣሕዋት ምስ ረኣይዎም ከኣ መዓድዎም፡ ካብኡውን ሓለፉ።”
> (ግብ 16፡14-15ን 40ን)

## 1. ልድያ ከም ስማ

ብቋንቋ ግሪኽ ልድያ ክብሃል ከሎ በሪኽ ወይ ድማ ተጠማቲ፡ ኣማዕዲኻ እትርእዮ የስምዕ። ልድያ፡ ከም ስማ፡ ኣብ በሪኽ ዘላ፡ ኣብ ኤውሮጳ እታ መጀርታ ብወንጌል ዝኣመነት ከም ምኳና መጠን፡ እቲ ንወንጌል ዝተኸፍተ ደገ’ውን ብእኣ እዩ።

ጸሓፍ ታሪኽ፡ ሓኪም፡ ንገለ ዓመታት ድማ ኳሳ ማሕበር ፊሊጺ ዝነበረ፡ ከምኡ ድማ ምስ ሃዋርያ ጳውሎስን ሲላስን ጢቴዎስን ወንጌላዊ ዝነበረ ሉቃስ፡ ኣሕጽር ኣቢሉ፡ ምጩው ዝኾነ ዛንታ ልድያ ሂቡና ኣሎ።

እቲ መበገሲኦም ብዘየገድስ፡ ገለ ሰባት ‘ሃይማኖትሲ ጨኣኒ ደቀ-ንስትዮ እዩ’ ዝብሉ ኣለዉ። ግና ወንጌል ከምኡ ከም ዘይኰነ፡ ሓኪም ሉቃስ ንልድያ ዝሃባ ክብሪ ነቕልበሉ። ወንጌል ንኤውሮጳ እተኸፍተ ብልድያ እዩ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ከም እኒ ሳራ፡ ምርያም፡ ሃና፡ ሩት፡ ናእሚ፡ ኣቢጋይል፡ ኤልሳቤጥ፡ ማርያም ኣደ የሱስ … ዘዘንትዎ ኵሉ ናይ ክብሪ ዛንታዶ ኣይኰንን! ከም ልድያ ወለዳ ተመንዮም በራኽ ዝበሉዋ ንኣናን ንደቅናን ከምኡ ኽገብረልና ክንምነዮ ዝግባእ እዩ።

“ስም ይመርሕ፡ ጥዋፍ የብርሆ” ከም ዚብሃል፡ ልድያ ከም ስማ ነቲ በሪኽ ምንዮት ናይ ወለዲ፡ ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወታ ከየምከነት፡ ዘሰልጠነት ሰበይቲ እያ። እቲ ኵሉ ዚኽእል ኣምላኽ ድማ ከምኡ ኪኸውን ኣገባጊቡላ። ትምኒት ወለዲ፡ በረኸት ኣምላኽ፡ መደብን ዲሲፕልንን ናይቲ ሰብ ባዕሉ ተዋሲቡ ንጽቡቕ ከም ዝዓዩ ልድያ፡ ከምኡ ድማ ኣእላፋት ካልኦት ምስክር እዮም።

ኣብርሃም፡ ያእቆብ፡ዮስያስ (1ይ ነገ 13፡2 22፡1-2) ኢሳይያስ፡ ዳንኤልን ብጾቱን፡ ሩት፡ ማርያም … ወዘተ፡ ኣርኣያ ክኾኑና ተዋሂቦምና ኣለዉ። ህይወት ናይ ልድያ ከም ኣርኣያ ከፋቲት ደገ ወንጌል ንኤውሮጳ፡ ኣብ በሪኽ ዘሎ ታሪኽ ኰይኑ ንምቕባሉ ዝእውጅ ዘሎ ብድሆ እዩ።

## 2. “ንኣምላኽ እትፈርህ ሰበይቲ”

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብናእዳ ተደጋጊሙ ዝርከብ ሓረግ፡ ምፍራህ ንእግዚኣብሄር፡ ሓደ ካብቲ ቐንዲ ጠባይ ናይ ልድያ እዩ ነይሩ። ትርጉሙ ድማ፡ ብእትፍጽሞ ዘበለ ኵሉ፡ ነቲ ዘፍቅረካን ፈጣሪኻን ዝኾነ ኣምላኽ፡ ፍቓዱን መገዱን ኣለሊኻ፡ ኬተሐጉሶ ድኣ እምበር ኸይተጒህዮ እትገብሮ ናይ ልቦና ምጥንቃቕ፡ ሽለል ዘይምባል፡ የመልክት።

ብጌጋ ኸይንርድኦስ፡ ምፍራሕ ንእግዚኣብሄር ራዕዲ ኣይኰነን።

> “ኣምላኽ ካባኻ ዚደልዮ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትፈርህ፡ ብዅሉ ልብኻን ብዅሉ ነፍስኻን ከተገልግሎ፡ … ትእዛዛቱን ሕጋታቱን ክትሕሉ እንተ ዘይኰይኑስ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ካባኻ ዚደልዮ እንታይ እዩ?” (ዘዳ 4፡10)

እዚ ናይ ልድያ መምርሒ እዩ ነይሩ። ንእግዚኣብሄር ዘሐጒስ ኰነ ወይስ ዘጒሂ እንታይ ምዃኑ ከመይ ጌርካ እዩ ዚፍለጥ? እተፈላለዩ እነለልየሉ ምንጭታት ክህልዉ ይክኣል። እቲ ዝዓበየ ምንጪ ግና ቃል ኣምላኽ እዩ። ልድያ ድማ እቲ ንኣምላኽ እትፈልጠሉ ዝነበራ ዕድላት ሽለል ከይበለት ትጥቀመሉ ነይራ። ንኣብነት፡ “… ጽን ትብለና ነበረት። ናብቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዝነበረ ከተድህብ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ልባ ኸፈተላ” ዝብሎ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 16፡14 እኹል መግለጺ እዩ።

ብመዓልቲ ሰንበት ከም እተን ከምኣ ንኣምላኽ ዝፈርሃ ኣንስቲ ኣብ ጐልጐል፡ ኣብ ሩባ ተኣኪባ ተምልኽ ነይራ (ግብ 16፡13)። እቲ ዝነበረትሉ ከተማ ናይ ፊሊጺ ቤት ጸሎት ህንጻ ኣይነበሮን። ግና ልድያ ከምቲ እምነታ ገይራ እተምልኸሉ ህንጻ እኳ ኣብቲ ከተማ ፊሊጺ እንተ ዘይነበረ፡ ብእኡ ምኽንያት ገይራ ካብ እዋን ናይ ኣምልኮ ኣይበኾረትን።

ልድያ ነቲ ንኣምላኽ እትፈልጠሉ ዝነበራ ዕድላት፡ ነቲ ምስ ኣመንቲ ከምኣ እትሕወሰሉ ዝነበራ ዕድላት እተሳውር ኣማኒት እያ ነይራ። እምበኣር ከምቲ ነቲ ንኣምላኽ ንምፍላጥን ፍቓዱ ንምግባርን ዝነበራ ዕድላት ከየምከነት፡ ኣሳዊራ፡ ሓብሒባ ዝሓዘት፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ድማ ከምኣ ክኸውን ኣሰር ተሊማ ኣላ። ከምቲ ንሳ ደገ ወንጌል ንኤውሮጳ ክኽፈት ሕራይ ኢላ እተወፈየት፡ በዚ ዘበንና ድማ ኣመንቲ ውፉያት ክንከውን ኣብነት ልድያ ዓቢ ኣብነት ኰይኑና ኣሎ።

## 3. በዓልቲ ትያቲራ ኣብ ፊሊጺ

ልድያ ዝዓበየትሉ ዓዳ ከተማ ትያቲራ፡ ኣብ ንእሽቶ እስያ (ናይ ሎሚ ቱርኪ)፡ ንግዲ እተካይደሉ ዝነበረት ድማ ኣብ ከተማ ፊላደልፊያ ኣብ ሃገር ግሪኽ እዩ ነይሩ። ከተማ ትያቲራ ብምቅማም ሕብርታት ናይ ዓለባታት፡ ብምስራሕ ዓለባታት፡ ብምስራሕ ካይላታት (ከም እኒ ዕትሮ፡ ጻሕሊ፡ ጣሳ ዝኣመሰለ)፡ ብኣቕሑት

ኣስራዚታት ድማ ፍልጥቲ ከተማ ምንባራ ታሪኽ ኣነጺሩ ይነግር።

ኣብ ልዕሊ እዚ ትያቲራ ብርቱዕ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝነበራ ከተማ እያ ነይራ። ልድያ ድማ ወኪል ናይቲ ኣብ ትያቲራ ዝስራሕ፡ ኣብ ፊሊጲ ድማ ዝሸየጥ ዝነበረ ፍሉይ ክዳን፡ ቀይሕ ሃሪ፡ ውሩይ ዓለባ ናይ ንግዲ ወካሊት ኰይና ትቐመጥ ዝነበረት። ብሓደ መገዲ ካብ ዓዳ፡ ካብ ቤተ-ሰባ ናብ ፊሊጲ ርሒቓ እትካይዶ ዝነበረት ንግዲ ስደት እዩ። ንደቀ-ንስትዮ በዚ መገድታት ዘየተባብዕ ባህሊ መሊኹሉ ዝነበረ ዘበን ምንባሩ ንዘክር። ግናኸ ልድያ ነዚታት ኩሉ በዲሃ፡ መንፍዓት፡ ህርኩትና፡ ኣብ ዘይለመደቶ መዳያትን ሓዲስ ኩነታትን ብትብዓት ምስጓም ... ወዘተ፡ ኣርእያ። ኣብ ዓዲ ስደት "ፕረዚደንት" ናይ ኩባንያ ነይራ። እዝስ ክትክተሎ ዘብህግ ግሩም ኣሰርዶ ኣይኮነን!

ልድያ፡ ኣብ ኤውሮጳ እታ ቐዳመይቲ ክርስትያን ክትከውን ከላ ንዕኣ ብቐሊል ዝኾነ ነገር ኣይነበረን፡ ገለ ኽትጥሕሶ ካልእ ድማ ኽትሰግሮ ዝነበራ ዓበይቲ መሰናኽልን ዕንቅፋትን ከም ዝነበረ ዘይስሓት እዩ። ኣብቲ ዝዓበየትሉ ከተማ ትያቲራ ኰነ፡ እትነግደሉ ዝነበረት ፊሊጲ፡ እቲ ዓዚዙ ዝነበረ ባህሊ፡ ኣምልኮ ናይ በብዓይነቶም ጣኦታት፡ ከም እኒ ኣምልኮ ኣፖሎስ ድኣ እምበር ወንጌል ወይስ ቤተ-ክርስትያን ዝብሃል ኣይነበረን። እዚ ድማ ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ ምዃኑ እዩ።

ንጣኦታት እተሰውአ ምብላዕ፡ ኣብ ናቱ ብዓላት ምስታፍ፡ ነጻ ዝሙት ምዝውታር ቅቡል እዩ ነይሩ። ኣብዚታት ኣባልነት፡ ተሳታፍነት ክህልወካ ጽቕጠት ዝበዝሓሉ ድማ እዩ ነይሩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታ፡ ንወንጌል ክትቃለስ ቀሊል ኣይኮነን። ልድያ በዓልቲ ትያቲራ፡ ነጋዲት ቀይሕ ሃሪ ድማ ኣብ ፊሊጲ ዝነበረት ነዚ ኩሉ ናይ ባህሊ መሰናኽል ኣሕሚቓ እያ ሰዓቢት ክርስቶስ ክትከውን ዝመደበት። እዚ ድማ ልድያ ኩሉ ከምኣ፡ ብመደብ፡ ብመትከል፡ ብዕጥቂ ክርስትያን ንክኸውን ዝሓደገቶ ግሩም ኣሰር የርኢ።

## 4. ሸያጢት ቀይሕ ዓለባ ሃሪ

እዚ ንኡስ ኣርእስቲ እዚ ብዛዕባ ልድያ ክልተ ነጥብታት ይምህር። ሓደ ህርኩትንኣን ንኽብሪ ጐይታ ከመይ ገይራ ከም ዘዘውተረቶ የምልክት። ካልኣይ ድማ ሃብታም ነጋዲት ምንባራ ይሕብር።

ልድያ፡ ኣብ ላዕሊ ከም እተተምብሀ፡ ኣብ ከተማ ትያቲራ ዝተሰርሐ ቀይሕ ሃሪ፡ ኣብ ፊሊጲ ኣምጺኣ ትሸይጥ ነይራ። ነቶም ወንጌል ከበስሩ ዝመጹ ጳውሎስን ሲላስን ሉቃስን ጢሞቴዎስን ዘዕርፉሉ፡ ዝምገቡሉ፡ ነቲ ዕዮኦም፡ ዕዮ ወንጌል፡ ድማ መናሃርያ ዝረኽብሉ መደበር ቤት ልድያ እዩ ነይሩ። እዋኑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኣርባዕተ ሰባት ንኣዋርሕ ዝኣክል ከተእንግድ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ልድያ ግና፡ "ከም ኣማኒት ጐይታ ርኢኹምኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ፡ ... " ኢላ ብምልማና ግዲውን ብምባላ ሓንጐፋይ ኢላ ብፍቶት ከም እተቐበለቶ የርኢ (ግብ 16፡15)።

ልድያ፡ እቲ ዝነበራ ሃብትን ቤታን ንወንጌል ናይ የስሱ ክርስቶስ እተወፈዩ እዮም ነይሮም። ብምኽንያት እቲ ዝነበራ ንግዲ ምስ ብዙሓት ሰባት ትፋለጥ ምንባራ

እውን ንምስክር ወንጌል ከም ዝተጠቕ መትሉ ድማ ዘይሰሓት እዩ። ስለዚ ልድያ እቲ ሃብታም ነጋዲት ምንባራ ንምስፋሕ ወንጌል ከም ዝድግፍ ገበረቶ፡ በዚ ድማ ተጠቐመትሉ ድኣ እምበር እቲ ሃብቲ መዓንቀፊ ይኹን ኣይገደፈቶን።

ብማሕበራዊ፡ ብሃገራዊ፡ ብመገዲ ንግዲ፡ ሃብቲ ንገሊኦም ዕንቅፋት ኰይ ኑዎም ይርአ። ንክርስቶስ ብምሉእ ልቦም ከይስዕብዎ ድማ ይሓናኹሎም። ልድያ ግና ነቲ ብልጽግንኣ ንኣገልግሎት ወንጌል ደጋፊ ከም ዝኸውን ገይራ ተጠቒ ማትሉ። እቲ "ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም" ዚብል መምርሒ ናይ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፡ ብሓቂ ኣብ ህይወት ልድያ ተማሊኡ ይርአ። እሞ፡ ብፍላይ እኳ ድኣ ኣብ ዓድታት ስደትና ተወፋይነት ናይ ልድያ ንምስፋሕ ወንጌል እንኽተሎ ኣሰር ይኹን።

## 5. ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ህይወት ልድያ
(ግብ 16፡9-10)

ታሪኽ ህይወት ልድያ ብጥርንፍ ዝበለ ኣገባብ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ነጥብታት መቒልና ክንምልከቶ ጸኒሕና። እዚ ድማ፡

- 1ይ ልድያ በራኽ፡ ከም ስማ፡
- 2ይ ልድያ ንኣምላኽ እትፈርህ ሰበይቲ፡
- 3ይ ልድያ በዓልቲ ከተማ ትያቲራ፡
- 4ይ ልድያ ሸያጢት ቀይሕ ሃሪ ብዚብሉ ንኡስ ኣርእስትታት ጌርና ኽንዕዘቦ ጸኒሕና።

እምበኣር ናይ ኣርባዕቲኡ ንኡስ ኣርእስታት ጠርናፍን ምንጭን ዝኾነ ሓምሻይ ነጥቢ ብዛዕባ ልድያ፡ ንሳ ባዕላ እውን ዝበለቶ፡ <u>ኣማኒት ጐይታ ምኻና እዩ</u>።

> ንሳ ምስ ስድራ ቤታ ምስ ተጠምቀት ከኣ፡ ከም ኣማኒት ጐይታ ርኢኹምኒ እንተ ኾይን ኩምሲ፡ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ፡ ኢላ ለመነትና፡ ግዲውን በለትና" (ግብ 16፡15)።

በቲ እዋን ናይ ቀዳማይ ሚስዮናዊ ጒዕዞታት፡ 46-47 ድ.ል.ክ.፡ ጳውሎስን ብጾቱን ወንጌል ኣብ ንእሽቶ እስያ (ናይ ሎሚ ቱርኪ) ኣስፊሖም ተኺሎምዎ። በቲ ካልኣይ ሚስዮናዊ ወፍሪ፡ 48-51 ድ.ል.ክ.፡ ድማ ወንጌል ብፊሊጲ ፊሊሙ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብዕሊ ኣተወን ተተኺለን ኣስፋሕፍሐን።

እታ ቀዳመይቲ ክርስትያን ኣብ ኤውሮጳ ልድያ እያ። ቀዳመይቲ ጥራይ ዘይኰነት ድማ፡ ወንጌል ኣብ ኤውሮጳ እተሳወረ ብእኣ ኣቢሉ እዩ። እምበኣር ልድያ ምሉእ ልባ፡ ቤታ፡ ንብረታ ለጊሳ ብእምንት ንጐይታ የሱስ ክርስቶስን ንወንጌሉን ምሉእ ተወፋይነት ዝገበረት ኣማኒት እያ። ስለዚ ኸኣ ኢና ከፋቲት ደገ፡ በራኽ፡ ዚብል ስም ኣልቢስናያ ዘሎና።

በቲ ጊዜ እቲ፡ ኣብዛ ልድያ ዝነበረታ ከተማ ፊሊጲ፡ ክርስትያን ዝብሃል ሰብ ሓደ እኳ ከም ዘይነበረ ታሪኽ ኣነጺሩ ይሕብር። ኣይሁድ'ውን ብብዝሒ ዘይነበርዋ ከተማ ስለ ዝነበረት ቤት ጸሎት ናይ ኣይሁድ እውን ኣብኡ ኣይነበረን። ልድያ ብዓሌታ ኣይሁዳዊት ኣይነበረትን። እቲ ዘገርም፡ እዚ ብዘየገድስ ነቲ ትምህርቲ ናይ ብሉይ

ኪዳን ተቐቢላቶስ ምስ እተን ተኣኪበን፡ ኣብቲ ሩባ፡ ወጻኢ ካብ ከተማ ፊሊጲ፡ ጸሎት ዘዘውትራ ዝነበራ ኣይሁዳውያን ኣንስቲ ትሳተፍ ነበረት (ግብ 16፡13)። ነዘን እኩባት ኣንስቲ ጳውሎስን ብጾቱን ወንጌል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣበሰሩወን። ልድያ ድማ ጽን ኢላ እናሰምዐት፡ "ናብቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዝነበረ ኸተድህብ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ልባ ኸፈተላ" ይብል ሉቃስ እቲ ጸሓፊይ። እቲ ጽን ምባላ፡ ምድሃባ ብወገና፡ ምኽፋት ልባ ድማ ብእግዚኣብሄር ንልድያ ኣማኒት፡ እተለወጠት ሰብ ገይሩዋ።

ይኹን እምበር እቲ ንሳ ዝረኸበቶ በረኸት ኣብኣን ምስኣን ተደሪቱ ኣይተረፈን። ከይደንጎየ ስድርኣ ድማ ተቐቢሎምዎ፡ ብምሉኣቶም ድማ ኣመንቲ ኰይኖም፡ ተጠምቁ። ኣብ ኤውሮጳ ከም ቀዳማይ ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ቀዳማይ ጥምቀት ተኻፊሎም፤ ቀዳሞት መስረትቲ፡ ቀዳሞት ኣባላት ቤተ-ክርስትያን ድማ ኾይኖም።

ቤት ልድያ ዘወትር ጸሎት ዝስምዓሉ፡ መዝሙር ዝዝመረሉ፡ ቃል ኣምላኽ ዝንበበሉ ስም እግዚኣብሄር ክብ ዝብለሉ ቤት፡ ስድርኣ ድማ ብመዓልቲ ሰንበት ናብ ቤት ኣምላኽ ዘምርሑ፡ ንምስፋሕ ወንጌል ድማ ዝሳተፉ እዮም ነይሮም።

ቤት ልድያ ስም ክርስቶስ ዝኸብረሉ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣመንቲ ዝእከብሉ፡ ካብኡ ናብ ኩሉ ወንጌል ዝዝርግሓሉ መናሃርያ ድማ እዩ ነይሩ። ነቶም ሚስዮናውያን ኰይኖም፡ ወንጌል ከበስሩ ናብ ከተማ ፊሊጲ ዝመጹ፡ ጳውሎስን ብጾቱን፡ መዕረፊኦም፡ መዕቈቢኦም ነይሩ። ነቶም ኣመንቲ ድማ፡ ተኣኪቦም ዘምልኹሉን ዝባረኹሉን ቤት እዩ ነይሩ።

እምበኣር ቤት ልድያ፡ ቀዳማይ ቤተ-ክርስትያን ናይ ኤውሮጳ እዩ ነይሩ። ጳውሎስን ሲላስን ኻብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኦም፡ ናብ ቤት ልድያ እዮም ኣትዮም። ነቶም ኣሓዋት (ኣመንቲ) ድማ ኣብኡ እዮም ዝኣከብዎም (ግብ 16፡40)።

ከም ኣመንቲ መጠን፡ ኣሰር ልድያ በሪኽ ዕላማና፡ እንጕዓዘሉ ኣሰር ኽንገብሮ ኣምላኽ ይደግፈና። ከምቲ ስደት ልድያ ናብ ከተማ ፊሊጲ ናብ ህርኸትና፡ ናብ መንፍዓት፡ ናብ ምኽፋት ደገ፡ ንሙሉእ ኤውሮጳ ገይሩ ዝባረኸ፡ ንስደትና ድማ ከምኡ ንኽገብሮ ናይ ወትሩ ጸሎትና ክኸውን ሕድሪ ከም ዘሎና ጌርና ንውሰዶ።

## ሓበሬታ

ዓምዲ "ኣበይ ኰን ይህልዉ . . . ከመይ ኰን ይህልዉ" ኣብታ እትመጽእ ሕታም ክቕጽል እዩ።

ከምቲ ናይ ኩሉ ጊዜ፡ ሕጂ ኸኣ እቶም ኣድራሻ ዝቐየርኩም ንኽትነግሩና ሓደራ ንብል።